ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር እንግሊዝ
TIGRAY DEVELOPMENT ASSOCIATION (UK)
ማ.ል.ት. DA
TDA House, 211 Clapham Road, London SW9 0QH
Telephone: 020 7924 0191 Fax: 020 7738 6569
URL: http://www.tda-uk.org.uk E-mail: Tigray@tda-uk.org.uk

23 መስከረም 2004 ዓ.ም.

## *መግለፂ ዜና ብምኽንያት ግዳያት ሓደጋ መኪና ኣባላት ኦርኬስትራ ፖሊስ ትግራይ*

ኣብ እንግሊዝ ዝርከቡ ተወለድትን ፈተውትን ትግራይ ዝሓለፈ ቀዳም 20 መስከረም 2004 ዓ.ም. ኣብ ዓባይ ብሪታንያን ሃገራት ስካንዲኒቪያንን ባዓል ምሉእ ስልጣን ክቡር ኣምባሳዶር ብርሃኑ ከበደ ኣብ ዝተረኸቡሉ ንስድራ ግዳያት ሓደጋ መኪና ኦርኬሰትራ ፖሊሰ ትግራይ ንምሕጋዝ ልዕሊ ርብዒ ሚሊዮን ብር ኣታኣኻኺቦም።

እዚ ብኣተሓባባሪነት ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፍር ዩናይትድ ኪንግዶም *"መስዋእትነት ዋጋ ሓርነት እዩ"* ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዝተዳሎወ መድረኽ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ዝተረኸበ እንትኮን።

እቲ መደብ በቲ ሓደጋ ህይወቶም ንዝሳኣኑ ኣባላት ብሕሊና ፀሎት ብምዝካርን ጸሎተ ፍትሓት ብምግባርን ከምኡውን ንኽብሮም ሽምዓ ብምብራህ እዩ ተጀሚሩ።

ሊቐ ብርሃናት ገብረ ጊዮረጊስ ነቶም ስዋኣት ብምዝካር ፀሎተ ፍትሓትን ፀሎተ ምሕልላን ብምክያድን ሕዙናት ኣብ መጽንዕናዕን ሃይማኖታዊ አሰተምህሮ ሂቦም።

ኣብዚ ብርክት ዝበለ ሕብረተሰብ መሪር ሓዘኑ ዝገለሉ ምድላው ኣቦ ወንበር ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር ዩናይትድ ኪንግዶም ኣይተ ቐለም ላኣከ ኣብ እንግሊዝ ንዝነብሩ ተጋሩ ብምውካል ኣብ ዘስምዕዎ ዘረባ ዓቐን ዘይብሉ ሓዘን ከምዝተሰሞኦም ድሕሪ ምግላፅ እቶም ግዳያት ተንቐሳቐስቲ ሓወልቲ ትግራይ ከምዝነበሩን ንዘላኣለም ዝነብር ታሪኽ እምበር ንዘላኣለም ዝነብር ሕይወት የለንሞ እዞም ወገናትና ድማ ብዝሰርሕዎ መስተንክራዊ ታሪኽ ዝንተ ኣለም ልእሊ መሬት ሕያው ኮይኖም ክነብሩ እዮም ኢሎም።

ብምቅፃል ዘረባ ዘስምዑ ኣብ ብሪታንያን ኣብ ሃገራት ስካንዲኒቪያንን ምሉእ ባዓል ስልጣን ክቡር ኣምባሳዶር ብርሃኑ ከበደ ዝተሰሞዖም መሪር ሓዘን ድሕሪ ምግላፅ እዞም ብሃንደበት ዝተፈለዩና ተጋደልቲ ቐዳማይ ምዕራፍ ብረታዊ ቃልሲ ብዓወት ዛዚሞም እቲ ካልኣይ ምዕራፍ ቃለሲ ምጥፋእ ድክነት ከዐውቱ ኣብ ምንቅስቃስ ከለዉ ምሕላፎም አዚ'ዩ ዘሕዝን ይኩን ዳ'ምበር እዞም ጀጋኑ ተጋደልቲን ከየንቲን እንድብሶም ብሓዘን እነተይኮነስ ነቲ ንሳቶም ህይወቶም ዝገበሩሉ



Support the Development Efforts of the People of Tigray, Ethiopia
Registered Charity No.1018315

መንገዲ ልምዓት ሰላምን ዲሞክራሲን ናብ ዝላዓለ ብርኪ ብምሽግጋር ክከውን ኣለዎ ድሕሪ ምባል ማሕበር ልምዓት ትግራይ ጨንፈር ዩኬ ምስ አባላታን ካልኦት ኣካላትን ብምትሕብባር ንዚ ከብዚ ዝበለ ሕፁፅ ምላሽ ምድላአዋ ብምንኣድ ኣብ ቐፃሊ ንእቲገብሮ ተመሳሳሊ ምንቕስቓስ ኤምባሲ ኢትዮጵያ እንግሊዝ አድላዩ ዘበለ ሓገዝ ከምዝገብር ቓል ብምእታው ነስደራ ጉዱኣትን ንሕዝቢ ትግራይን ብሐፈሻ ንሕዘቢ ኢትዮጵያ ፅንዓት የሀብኩም ኢሎም።

ብተመሳሳሊ ጠርናፊ መሰረታዊ ውዳበ ሕ.ወ.ሓ.ት. አብ እንግሊዝ ኣይተ ሃብቶም ኣብርሃ እቲ ዘጋጠመ ሓደጋ አዘዩ ዘሰንብድ ንምእማኑ ዘፀግምን መሪርን ኢዩ። ይኹን ዳ'ምበር ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ መስዋእቲ ግድን ብምኺኑ እዞም ምሩፃት ደቒ ህዝቢ ድማ አብ ጉዕዞ ቃልሲ ምእንተ ሃገርን ሕዝብን ተሰዊኦም የግዳስ ካብዞም ኣናብስ ትግራይ ተወፋይነት፤ ጽንዓት፤ ተቀላሳይነት ብፍላይ ድማ ሕዝባዊነት ወሪስና ዝጀመርዎ ጉዕዞ ልምዓት ክንምልኦ ይግባእ ምስበሉ ንስድራ ግዳያትን ንህዝቢ ትግራይን ድማ ብሸሞም፤ ብሽም ኣባላት ሕ.ወ.ሓ.ትን፤ ፅንዓት ተመኒዮም።

ብተወሳኺ ወኪል ማሕበር ልምዓት ኣምሓራ ጨንፈር እንግሊዝ ኣይተ ተዘራ ሰጉ ንጅግና ይድረፈሉን፤ ይእለለሉን እምበር አይብከየሉን የግዳስ ርጋፆም ረጊፅና ሕድሮም ተቀቢልናን ንቲ ዝወደቅሉ ዕላማ ኣብ ጫፍ ክነብፅሖ ይግባእ ምስበሉ ንስድራ ግዳያትን፤ ንሕዝቢ ትግራይ ፅንዓት ተመንዮም።

ብምቅፃል ወኪል ኮሚሽን ሃገራዊት ኤርትራ ኮምሽነር ዳንኤል ወልደትንሳኤ ድማ ኣብቶም ከየንቲን፤ ተጋደልትን ዝበፅሐ ሓደጋ ተሰምዖም ሓዘን ድሕሪ ምግላፅ አብ'ቲ መድረኽ ተረኪቦም ተካፈልቲ ሓዘን ኣሕዋትናን ሕዝቢ ትግራይን ብምኳና ሓበን ይስዓና ኢሎም ንስድራ እቶም ግዳያትን ንህዝቢ ትግራይን ጽንዓት ተመኒዮም።

ነቲ መታኣኻከቢ እቶት ዕዉት ንኽኸውን ዝተፈላለዩ ግጥምታት መልእኽትታት ዠቅረበ እንትኸውን ኣርቲስት ሕሉፍ አለሙ ድማ "አይተማነናን" ዝብል ጣዕመ ዜማ ዘቕረበ እነትኾውን ብተወሳኺ'ድማ ኣርቲስት ሕሉፍ ኣለሙን፤ ኣርቲስት ነጋሲ መለስን ንስድራ እቶም ግዳያትን ንህዝቢ ትግራይን ጽንዓት ይሃብኩም ኢሎም።

ኣብ መወዳእታኣብ ዝተገብረ ናይ ገንዘብ ወፈያ ድማ ንስድራ ስውኣትን ኣብ ሆስፒታል ዝርከቡ ጉዱኣትን ብቀጥታ ዝብርከት ኣስታት 300,0000 ቅርሺ አታዊ ተረኺቡ።

ዘለዓለማዊ ክብሪ ንጀጋኑ ስውዓትና!!

ኣካየድቲ ስራሕ ማ.ል.ት. ዩ.ኬ.